## *መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፥ኣብ ከተማ ከለን*
## *ብልዑል ሓበን ኽቢሩ ፡ 1002€ ንማዕከን ሰማእታት ተወፍዩ*

*ኤርትራዊያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 23.06.2018 ካብ ሰዓት 15.00 ክሳብ ሰዓት 19.00 ኣብ ገረብ ሰውኣት ተራኺቦም ሰማእታቶም ብኽብሪ ዘኪሮም። መዓልቲ ሰዉኣት ብዜማ ቕሰኑ ሰማእታታና ዝተሰነየ ዝኽረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋቱ ፡ ተሳተፍቲ መደብ ብተመሃሮ ማሕበረኮምን ሕጻናትን መንእሰያትን ዝምራሕ ናይ ሰማእታት መዝሙር እናዘመሩ ኣብቲ ቦታ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካየዱ ።*

*ናብ ገረብ ሰማእታት ምስ ተመልሱ ብድሕሪ ሃገራዊ መዝሙር ቃል ኣብ መንበር ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ሓድሽ ጐይትኦም ኣብ ዘቕረቦ ወግዓዊ መግለጺ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ብድሕሪ ምቕራብ ፥በዚ ኣጋጣሚ ፥ንስለና መስዋእቲ ኸፊሎም ናጽነትን ክብርን ሓብንን ዘረከቡና ሰማእታት ኤርትራ ፡ ሓድጎምን ስድራቤቶም ክንሕብሕብ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ዓቢ ቆላሓታ ኣቕልቦን ክንገብረሉ ዘሎና ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብዛ ዕለት እዚኣ ድማ ኣብቲ ሽምዓ እናብራህና ጸሎትና እነብጽሓሉ፡ ቆፎ ሰማእታትና ነዕዝዝ ክብል ቃሉ ዛዘመ።*

*ስዒቡ ዋና ጸሓፊ ማ/ኮም ከለን ኣቶ ሰለሙን ኣሕፈሮም ፡ ብጒጅለ ጽንዓት እተዳለወት ረዚን መልእኽቲ 20 ሰነ ዘለዋ ንስሓ ዘርእስታ ግጥሚ ኣቕረበ። ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ከለን ብሽም ኦርትራውያን ነባሮ ከተማ ከለን ናይ ሰማእታት ዕምበባ ኣምበሩ። ብምቅጻል ተሳተፍቲ ቀንደል ብምብራህ ንሰማእታትቶም ውሽጣዊ ሕልናዊ ቃል ኪዳኖም ብምሕዳስ ኣብቲ ተዳልዩ ዝነበረ መደባት ተዋሰኡ።*

*ኣብቲ ዕለት ዝኣተወ 1002€ ድማ ብሽም ኤርትራውያን ነባሮ ከለንን ከባቢኣን ንስድራቤት ሰውኣት ተወፈየ።*

*መደብ ሰነ 20 – 2018፡ ብዉሁድ ምትሕብባርን ግብራዊ ኣበርክቶን ኤርትራውን ውዳቤታትን ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ከለንን ከባቢኣን ብጽፈትን ብውህደትን ተዛዚሙ።*

*ጀጋኑ ሰማእታትና ይተሓበኑ ፡ ወትሩ ድማ ብኽብሪ ይዘከሩ*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ሃገራዊ ሽማግለ ከለንን ከባቢኣን*
*ዕለት 23. 06. 2018*